homes victoria

VICTORIA State Government | Families, Fairness and Housing

Tigrinya | ትግርኛ


ስእሊ፦ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣብ ጐደና ቪክቶርያ ፍለሚንግተን ዝርከብ ሓድሽ ገዛ

# ሓድሽ ማሕበራዊ ኣባይቲ ኣብ ፍላሚንግተን



እቲ ኣብ ኸባቢኻ ዘሎ ነባር ሃይ ራይዝ ፓላሶታት ጥሮታ ናብ ምውጻእ ኣብ እንስጉመሉ እዋን፣ እቲ ኣብ ጐደና ቪክቶርያ ፍለሚንግተን ዝርከብ ብጽቡቕ ዝተነድፈን ጸዓት ዝቈጻጸርን ምችው ዝኾነን ምስ ጐረባብትኻን ማሕበረሰብካን ዘለካ ርክብ ንምዕቃብ ተባሂሉ ዝተዳለዉ ኣባይቲ ኢዮም።

እዚ ኣባይቲ እዚ ኣብ መወዳእታ 2023 ክዛዘም እዩ ድሕሪ ሓጺር እዋን ከኣ ክትሪኦ ክዳሎ ኢዩ።



ስእሊ፦ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣብ ኈደና ቪክቶርያ ፍለሚንግተን ዝርከብ ሓድሽ ገዛ

## ናይ ጎዳና ቪክቶሪያ ምዕባለ

እዚ ሓድሽ ኣባይቲ እዚ ነቲ ኣብ ጥቓ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ቍሸት ዕዳጋ፣ ጎዳና ሬይስኮርስ ከምኡውን ኣብ ጫፍ እቲ ኣብ ፍለሚንግተን ዝርከብ ሃይ ራይዝ መንበሪ ኣባይቲ ዝርከብ ኣድራሻ ኈደና ቪክቶርያ ብዝበለጸ ይጥቀመሉ እዩ።

ኣብዚ ቦታ እዚ ተወሳኺ ሓደስቲ ኣባይትን ክፉት ቦታታትን ሓዊስካ ተወሳኺ ምምሕያሻት ክግበር መደብ ኣሎ።






## ኮሚኒቲ ሃውሲንግ ቪክቶሪያ ሊሚትድ

እዚ ኣባይቲ እዚ በቶም ብዙሕ ተመክሮን ቑራጽነትን ዘለዎም ኮሚኒቲ ሃውሲንግ ቪክቶሪያ ሊሚትድ ክመሓደር ኢዩ። ተኻረይቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ጥሮታ ዝወጹ ፓላሶታት **ክግዕዙ ከለዉ፣ ኣብ መሰላት ተኻረይቲ ወይ ኣብ ከይዲ ክራይ ገዛ ለውጢ ኣይክህሉን ኢዩ።**

# ሓደስቲ ኣባይቲ ኣብ ጎዳና ቪክቶሪያ፣ ፍላሚንግተን

እዚ ቀጻሊነት ኣማሊኡ ዝተነደፈ ምሉእ ብምሉእ ብኤለክትሪክ ዝሰርሕ ኣባይቲ ኣብ ምሉእ ዓመት ምችው ሙቐትን ዛሕልን ንምርካብ ሕሱር ክኸውን እዩ። እቲ ኣባይቲ ምስቲ ንተቐማጦ ብሉጽ ዋጋ ዕዳጋን 100% ዝሕደስ ጸዓትን ዝህብ ኣብቲ ኸባቢ ዝርከብ መሬኸቢ ጸዓት ክራኸቡ እዮም።

ኩሉ ኣባይቲ ባህርያዊ ብርሃንን ኣየርን ጽቡቕ መኽዘን ዘለዎ ቦታ ኾይኑ ዘመናዊ መሳርሒታት ከምኡውን ሰገነት ወይ ኣጸድ ኣለዎ።

## ዘለዎ መልክዕ ወይ መዳያት

**1፣ 2፣ 3**ን **4**ን መደቀሲ ዘለዎ ኣባይቲ

**ብሩር** ደረጃ ንድፊ መንበሪ ኣባይቲ

**ካብ ጋዝ ናጻ ዝኾኑ** ኣባይቲ

**ብቐሊሉ ዝእቶ ወይ ዝርከብ** መንበሪ

**5ተ ኾኸብ** ሓምለዋይ ኩኾብ ደረጃ

**7ተ ኾኸብ** ናይ ናተርስ (NatHERS) ማዕኸላይ ደረጃ

## ዑደት ግበር

ኣብ ዝመጽእ ሰሙናት ነዚ ኣባይቲ እዚ ኽትሪኦ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ እቲ ዘለዎ መልክዕ ወይ መዳያትን ናይ ቀጻሊነት ትሕዝቶን ዝያዳ ምእንቲ ኽትፈልጥ ምሳና ሓቢርካ ዑደት ክትገብር ተዓዲምካ ኣሎኻ።

ኣብቲ ዑደት ክትካፈል እንተ ደሊኻ በጃኻ ናብ **relocationsteam@homes.vic.gov.au** ኢመይል ግበር ወይ ብተሌፎን **1800 716 866** ደውል።





ብነፋሪት ካብ ኣየር ዝተሳእለ ኣብ ጐደና ቪክቶርያ ፍለሚንግተን ዝርከብ ሓደስቲ ኣባይቲ

## ናብ ሓድሽ ቤት ምግዓዝ

ነቲ ፍሉይ ድሌትካ ዘማልኣልካን ምስ ጐረባብትኻን ማሕበረሰብካን ከም እትራኸብ ዝገብረካን ሓድሽ ገዛ ንኽትረክብ ክንሕግዘካ ድሉዋት ኢና፡፡

ብዛዕባ ሓንቲ ኻብዘን ኣባይቲ እዚኣተን ተገዳስነት ይህልወካ ይኸውን ወይ ከኣ ብዛዕባ መስርሕ ምግዓዝ ወይ ካልእ ኣማራጺታት ንሓደ ሰብ ከተዘራርቦ ትደሊ ትኸውን፡፡

ብ **relocationsteam@homes.vic.gov.au** ኢመይል ግበር ወይ ብተሌልፎን **1800 716 866** ደውል ወይ ምስ ኣብ ኸባቢኻ ዝርከብ ናይ ኣባይቲ ቤት ጽሕፈት ተራኸብ፡፡

ብዛዕባ ዘድልየካ ነገራት ብዛዕባ እቲ እትመርጾ ቦታታትን ከምኡውን ብዛዕባ መስርሕ መመልከቲ ወረቐት ንኽትመያየጥ ዘብቅዕ ግዜ ኽነዳሉ ኢና፡፡

ኣባላት ስድራ ቤትካ ኣብቲ ኣኼባ ኽርከቡ ሓንጐፋይ ኢልና ኢና እንቕበሎም፣ ብዘይካዚ ናይ ኣስተርጓሚ ደገፍ ክነዳሉ ንኽእል ኢና፡፡



## ዝያዳ ፍለጡ

ብዛዕባ ዳግመ ምዕባለ ጐደና ቪክቶርያ ዝያዳ ኽትፈልጥ እንተ ደሊኻ በጃኻ ኣብ ወብ ሳይትና ርአ

ስካን ግበረኒ

homes.vic.gov.au/victoria-street-flemington

ሓድሽ ሓበሬታን ፍጻመታትን ንምክትታል ብኢመይል ኣብ፡- **enquiries@homes.vic.gov.au** ተመዝገብ

ነቲ **@homesvic** socials ተኸተል

homes victoria

VICTORIA State Government | Families, Fairness and Housing

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቐደን ዝተሓትመን እዩ፣
1 Treasury Place, Melbourne. © State of Victoria, Homes Victoria, ጥቅምቲ 2023. ብፊንስበርግ ግሪን (Finsbury Green) ዝተሓትመ (HV015623)